


# ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፡ 'ኣኸለ!' ኢልካ ንዳግማይ ትንሳኤ ተላዓል!

Tuesday, 16 December 2008

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፡
'ኣኸለ!' ኢልካ ንዳግማይ ትንሳኤ ተላዓል!
*ድቃስካ ናብ ሞት ከይቕየር፡ ተበራበር!*

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሰንኪ'ቲ ለዓት ዝበልካዮ መንድዓት፡ ኣብ ሰንፈላል ጠልጠል ኢሉ ዘሎ ህላወኻን ቀጻልነትካን ብትንሳኤ መብጽዓኻን ራኢኻን ጥራይ'ዩ ህይወት ክዘርእ ዝኽእል። ከም ቃታ ዝደንዘዙ ዋህዮታት ነቕኒቑ ከበራብረካ እትጽበዮ፡ ካብ'ዚ ሎሚ ወሪዱካ ዘሎ መዓት ዝሓስም ተወሳኺ መዓት ክሳብ ዝወርደካ ነግፈረግ ትብል እንተሊኻ፡ ኣዚኻ ዘንጊዕካ ኣለኻ። ድቃስካ ነቲ ኣብ መንጎ ትንሳኣን ውድቀትን ዘሎ ንህይወትን ሞትን ዝፈላሊ ቀይሕ መስመር ሰጊሩዎ ኣሎ ማለት እዩ። እምበር፡ እቲ ክወርድ ዝኽእል በደል ወሪዱ እዩ፡ ደጊም'ሲ ዘይወረደካ መዓት የልቦን።

ኣብ'ዛ ግዝያዊት ዓለም ከም'ዚ ናትካ ኣደራዕ ዝጸረ ሕብረተ-ሰብ ፍጹም የልቦን። ዛንታኻን ቃንዛኻን፡ በቲ ካብ ሕድሕዱ ዝእኪ ተግባራት ናይ'ቲ ልብኻ ኣቕሲሉ ኣብ ረኸሲ ልብኻ ጨው ዝንስንሰልካ ዘሎ ክነሚን ስርዓትን፡ ምናልባት ኣብ መዛግብቲ ታሪኽ ናይ ዝሓለፉ ክፍለ-ዘበናት ጥራይ እዩ ዝርከብ። ኣብ 21 ክፍለ-ዘበን ኣለኹ እናበልካ ግዳይ ናይ 18 ክፍለ-ዘበን ስቅያት ምኻንካ ከኣ መዳርግቲ ኣልቦ ጥፉኣት እዩ።

ዋጋ ባኒ ሒደት ሳናቲም ተወሲኹዋ መንግስቲ ዝቐይሩ ሕብረተ-ሰባት ኣብ ዞባኻ ኣለዉ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙን ብሰንኪ ቅትለት ወዲ 15 ዓመት ቆልዓ ኣብ ግሪኽ ተኣጒዱ ዝቐነየ መንግስቲ ዘነቓንቐ ናዕቢ'ውን ብቴለቪዥናት ተዓዚብካዮ ኣለኻ። ኣደራዕካ ግን ብዋጋ ባንን ጥፍኣት ሓደ ትንፋስን ዝጽብጸብ ኣይኮነን። ሕጋዊ ስርዓት ተኺልካ ኣብ ሰላምን ፍትሕን ክትነብር፡ ሕሳስ ልደን ቦኽርን፡ ጓልን ወድን ከይበቐቕካ፡ ካብ ሓደ ገዛ፡ ክልተ ሰለስተ ክሳብ ሸሞንተ ዝወፈኻዮ ሞባእ ምሕሻሾም ከይኣክል፡ ንዓኻ ብጥምየትን ጭንቀትን ንዝተረፉኻ ዕሸላት ግዳይ ስደትን ዛሕዛሕን ብምግባር ዓስከሬን ኣትሪፎምኻ ኣለዉ። መርዛም ፕሮፖጋንዳ እናነዝሑ፡ ኣፍካ ዓቢሶም ብሓደ እዝንኻ ጥራይ ክትሰምዕ እናኣስገደዱ፡ ነዚ ካብ ሞት ዘይሓይሽ ህይወት "ተቐበሎ፡ እንተዘየሎ ብድሕሬና ሰማይካ ማይ ኣይክሰርቦን እዩ፡ መሬትካ ሳዕሪ ኣይክቦቕሎን እዩ" ከኣ ይብሉኻ።

ነቲ ኣብ ገገዛኻ ኣትዩ ዘሎ ባዕልኻ እትነብሮ ዘለኻ ሲኦል፡ ኣብ ወረቐት ንምንጽብራቑ ምህቃን፡ ሚዛን ቃንዛኻ ምጕዳል፡ ስቅያትካ ምንእኣስ እዩ። እቶም መዛግብቲ ሰይጣን ገንጺሎም፡ ንኹሉ እኩይ ኣብ ልዕሊ መሬትካ ዝፈተኑዎ ክነሚናት፡ ምስ ደቀስካ ብለይቲ ኣብ ዝኻዓትዎ ጎዳጉዲ መርዛም ሓተላ ብምቕባር ንትሕቲ መሬትካ ከይተረፈ በኪሎሞ ከምዘለዉ ግን ምዝኽኻር የድልየካ። ሕጂ፡ ንዓኻ ዘውርዱልካ ዘለዉ መዓት ውሒዱዎምስ፡ ብድሕሪኦም ከይተረፈ መጻኢ ወለዶኻ ከሳቕዩ፡ እናሓደረ ክትኮስ ዝነብር ቡንባ ቀቢሮምልካ ኣለዉ። ልዕሊ መሬትካን ትሕቲ መሬትካን ኣባዲሞም፡ ነቲ ብህይወትካ ዘውረዱልካ ግፍዒ ኣብ መቓብርካ'ውን ከምዘይትርስዖ ክገብሩ ዝሕለኑ፡ ካብ ሰይጣን ምዕባይ ሓጥያት ዘይኮነ መዝነት ገይሮም ዝቖጽሩዎ እኩያት ም'ኳኖም ብተግባሮም ኣረጋጊጾሞ እዮም። ነቲ 'ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆላ' ዝብል ጭርሖኦም ድማ ናብ 'ንሓዋሩ ሳዕሪ ኣይትብቆላ' ኣማዕቢሎሞ ይርከቡ።

ሕሉፍ ስስዐ ስልጣን ንኣምሮኦም ስለዝገዝኦ፡ ኣእምሮኦም ንክሑን ጽልኢ፡ ህልኽ፡ ሕስዳን፡ ውዲት ጥራይ'ዩ ሰፊር ተሪፉዎ ዘሎ። ህልቂት ግዳያት ውዲቶም ኣብ ወምበር ተቐሚጦም ከም ፊልም ክርእዩዎ ባህ ዝብሎም፡ የዒንቲ ስድራቤታት ደም ክሕለብ ከሎ ጸባ-ጸባ ዝጥዕሞም ከኣ ስለ'ዚ እዩ።

እቲ ተዛናቢሉ ዘሎ ኣእምሮ ግን፡ ብምብዳም ልብኻ 'ውን ኣይሰኸነን። ''ሚድያኖ' (መወሃሃዲ) ህወከትን ዕግርግርን ዞባኻ ክኸውን፡ ዝተሃወኸ መሬት፡ ዝተፈንፈኑ ሰባት እናመረጸ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ጠብሎቕሎቕ ይብል ኣሎ። ዘውረደልካ በደል ውሒዱዎስ፡ መዓት ንደገ ሰዲዱ መዓት ናብ ውሽጢ ከምጽኣልካ ስርሐይ ኢሉ ተተሓሒዙዎ ይርከብ። ኣብ ሶማልን ሱዳንን ዘካይዶ ዕንደራ፡ ምስ ኢራን መስሪቱዎ ዘሎ ምሕዝነትን መርኣያ ናይቲ ዝዓበደ ዲፕሎማሲኡ እዩ።ንስኻ ምቕሉልነትካን ውርዙይነትካን ኣቐዲምካ ብዛዕባ ብሩህን ትስፉውን መጻኢ ብኣውንታ ኣብ እትሓስበሉ ዝነበርካ እዋን፡ እቲ እኪት፡ ብምስጢር ድኻምካን ልሕሉሕ ጎንኻን ኣብ ምልላይ እዩ ተዋፊሩ ነይሩ። ከመይ ገይሩ ከምዝቆጻጸረካ እምበር ከመይ ኢልካ ከምእትምዕብልን እትጸግብን ምሕሳብ ኣዋዲቑዎ እዩ። ስለ'ዚ ድማ እዩ፡ ዓመጽ፡ ማእሰርቲ፡ ቅትለት፡ ውዲት፡ ሽፍትነት ባሕሪ፡ ግብረሽበራ፡ ምቕባር ሓተላ ኒኩሌራዊ ጸዓት ዝብሉ ክፉኣት ቃላትን ሓረጋትን ብቐድሚትን ድሕሪትን ስርዓቱ ክውረዩ ከለዉ፡ ንዕኡ ንቡራት ኮይኖም፡ ንልብኻ ግን ዘንቀጥቅጡዎ ዘለዉ። እንተኾነ፡ ግርህነትካ ዝተፈራረቐ ደንጋጽ ካብ ምምጣው ሓሊፉ፡ ዋሕስ ህላዌኻን መጻኢኻን ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፡

በዚ መልኣኽ ዘይብሉ ስርዓት ፓትርያርካን ሽኽካን ተደፊሩ፡ ጅግናኻን ለባምካን ገለ ተሓይሩ ገለ ብቓጻን ውዲትን ተቐቲሉ፡ መንእሰይካን ምሁርካን ስደት ሰፊሩ፡ ስዉኣትካ ኣብ ዝሰተረ መቓብር

ኣብ ክንዲ ተኸሊ ገረብን ዕንባባን ሓተላ ተቐቢሩ፡ ዕሸላትካ ሕጹያት መዓታት፡ ወለድኻ ደጋገምቲ ዘይስማዕ ጸሎት ኮይኖም፡ ሓበንካን ክብረትካን ተቐንጢጡ፡ ተስፋኻ ካብ ደረት ትርኢትካ ርሒቑ ኣሎ። ንሽሙ ምህላውካ ሃለዋት ቆጺርካ፡ ‘ኣለኹ’ ትብል እንተሊኻ፡ ነብስኻ ኢኻ ትቕሽሽ ዘለኻ። እዚ ጥማዕ ሓርነትን ፍትሕን ዘይብሉ ህላው፡ ሃለዋት ኣይኮነን። ነብስኻ ብዕቱብ ሓቲትካ ዕቱብ መልሲ ምርካብ እዋኑ ሓሊፉ‘ዩ። ዳኛ ህላዌኻ፡ ዋሕስ መጻኢ ወለዶታትካ ባዕልኻ ኢኻ‘ሞ ድቃስካ ናብ ሞት ከይተቐየረ እንክሎ ተበራበር። ምትኽኻእ መንግስታት ንቡር እዩ፡ ውድቀት ህዝቢ ግን ካልኣይ የብሉን።

ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልካ ብኣድማ፡ መንእሰያትካ ብምርሕራሕ መሳርዕ ሰራዊት፡ ኣዴታትካ ብምህለላ፡ ኣቦታትካ ብግሁድ ርእይቶ ተቓውሞታቶም ኣንጻር እዚ ዕሱብ ስልጣን ዝኾነ ስርዓት ክገልጹ ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ድፍረትን ሕልናን‘ዚ ናብ ትርጉም ዘለዎ መስርሕ ለውጢ ክቕየር ግን፡ እቲ በብወገኑ ዝወሳወስ ዘሎ ኣፋትል ተደሚሩ ከም ገመድ ኣብ ክሳድ ናይቲ ድምጽማጹ ክጠፍእ ዘለዎ ስርዓት ክጥምጠም ኣለዎ። ‘እምቢ’ ኢሉካ ‘ሕራይ’ ስለዝበልካ ኣብ መንኩብካ ከም መንደዓት ንዝተሰቕለ ደረቐኛ ስርዓት፡ “እምቢ’ ኢልካ ብእግርኻ ርገጾ። እዚ ተመክሮ እዚ ከምዘይድገም ኣዕሚቕካ ቅበሮ።

ቀንዲ ምንጪ ናይ’ዚ ኹሉ ኣብ ልዕሌኻ ዝወርድ ዘሎ መዓትን ስቓይን፡ ዋና ስልጣንካ ዘይምኻንካ፡ ኣምሳያኻ ውልቀ-መላኽነት ምንጋሱ እዩ። ብድምጽኻ ዝተተኸለ ሕጋዊ ስርዓት፡ ሓጋግን፡ ፈራድን፡ ፈጻምን ባይቶ፡ ነጻ ቤት-ፍርድን ነጻ ጋዜጣን ዝኣመሰሉ ደሞክራስያዊ ትካላት ምሕራምካ እዩ መዓት ከስኢቡልካ። እዚ ከቢድ ስሕታን‘ዚ ካልኣይ ሳዕ ክድገም የብሉን። “ተካኢ የብልካን” እናበሉ ብተኸእሎ ‘ባዶሽ-ስልጣን ንዘፈራሩሑኻ “ኣይፋል” ኢልካ፡ ፈጣሪ ሃገርን ስልጣንን ምኻንካ ኣረጋግጸሎም። ወምበር ነጊፎም ጥራይ ኮፍ ክብሉ ብግዳም ንዝጸናጸኑ፡ ‘ንሕና ዘይብሉ ኣይኹን’ ንዝብሉ ኸኣ፡ “ኣይፋል ስልጣን ግደ ማንም ኣይኮነን፡ ሕጅስ ግደይ ግደ-ህዝቢ እዩ” ኢልካ ብንቕሓትካ ድጕሓዮም። ካሕሳ ዕሙጻትን ግዳያትን፡ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ተሳታፍነት፡ ማዕርነት ዜጋታት ዘረጋግጽ ፍትሓውን ሕጋውን ደሞክራስያውን ስርዓት ምትካል ደኣ‘ምበር፡ ንስለ ፍድያ-ሕነ ዕሙጻት ብግዲኦም ዓመጽቲ ክኾኑ ዕድል ምሃብ ስለዘይኮነ።

ናይ ስልጣን ባዶሽ ከይፍጠር ምስካፍ ኣውንታዊ እዩ። ኣብ'ዚ ሰንኮፍ ናይ ምስግጋር ግዜ ጸጥታን ምርግጋእን ሃገር ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከይወድቕ ምስጋእ ናይ ሓላፍነታውያን ዜጋታት ጥንቁቕ ጠመተ እዩ። እንተኾነ፡ በዚ ስክፍታ‘ዚ ጅሆ ናይ'ዚ ህላወ ዘይብሉ ስርዓት ብምኻን ኣይምዉት ኣይስኑር ኮይንካ ምንባር ቅቡል ኣይኮነን። ስለ'ዚ፡ ድሮ ባዶሽ ናይ ስርዓት ከምዘሎ ተገንዚቡ፡ ነዚ ስክፍታ’ዚ ብፍኑው መንገዲ ሰጊሩ ኣብ ህዝብን ሰራዊትን ተቓውሞ ገንፊሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ነቲ ናይ ለውጢ መስርሕ ማዕበሉ ብዝገትእ መንገዲ ብሕቱኽቱኽን ወረን “ባዶሽ-ስልጣን”

እናበልካ ምውርዛይ ዘይኮነ፡ ነቲ ተኸእሎ እቲ ንምውጋድ ምሁራትን ለባማትን ተቓለስትን ብዋዕላ ወዲብካ ብግብሪ ምስራሕ፡ ኣማራጺታት ለማጽ ምስግጋር ስልጣንን ውርጹጽ መንግስትን ምውዳድ እዩ እቲ እንኮ ኣማራጺ።

እምበር ባዶነት'ሲ ድሮ ኣብ ኤርትራ ኣራጢጡ ኣሎ። ብቐደሙ ሰበብ ናይዚ ኹሉ ጥፍኣት'ኮ ስርዓት ዘይምህላዉ እዩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ተቓማዊ ሓይሊ፡ ሲቪላዊ ማሕበራትን ህዝብን ነቲ ዝበራበር ዘሎ ተቓውሞታት፡ ናይ ደገፍ ሰላማዊ ሰልፍታት ብምክያድ፡ ምስኡ ንምትእስሳር ልባዊ ጻዕሪ ብምክያድ፡ በብዘለዎ መራኸቢ ብዙሓን ሞራልን ምትብባዕን ብምሃብ ኣብ ጎኑ ደው ኢሉ ንለውጢ ተቐሪቡ ከምዘሎ ምብሳሩ ወሳኒ እዩ። ለውጢ ብመሰረቱ ብውሽጢ ከም ዝመጽእ ብምእማን፡ ነቲ ለውጢ ብኽፉት ኣእምሮ ተቐቢልካ ብርእሰ-ምትእምማን ኣውንታዊ ኣበርክቶ ክትገብር ምቕራብ'ውን ህዝቢ ኤርትራ ሃረር ዘብሎ ዘሎ ስጉምቲ እዩ።

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፡

ሰብ ምእንቲ ሓቅን ፍትሕን ክመውት ኣለዎ። እዞም "ንኻልኣይ መስዋእቲ ተቐሪብና ኣለና፡ መብጽዓና ሓርነት'ምበር ባርነት ኣይነበረን" ዝብሉኻ ዘለዉ ሓርበኛታት ከፊቶሞ ዘለዉ መሳኹቲ ከኣ ነዚ ላዛ ዘለዎ ኣሽሓት ዘወፈኻሉ መትከል ከተተግብረሉ ዕድል ዝኸፍት ወርቃዊ ኣጋጣሚ እዩ። ቀዳማይ፡ ካልኣይ ዕድላት ኣሕሊፍካ ኢኻ'ሞ፡ ነዚ ናይ ሕጂ መሳኹቲ ግን ናብ ማዕጾ ሓርነት ቀይሮ።

ስለዚ ነቒሕካን ትኩርነትካ ኣብሊሕካን፡ ብሓደ ድምጺ በዲህካ፡ ከም ህዝብን ሃገርን ዳግማይ ትንሳኤኻ ኣረጋግጽ። ኣብ ክንዲ ብተምበርካኽነትን ልኡምነትን፡ ከም ቀደምካ ብመኽተን ድልያ ፍትሕን ተለለ። ርእሰ ምትእምማንካ ምለሶ፡ ኣፍልብካ ነፊሕካ ማእገርካ ኣቕንዓዮ። ሕጂ፡ ን 'እንታይ ስለምንታይ' 'ውን ግዜ የብልካን። ምጕት ሰዓቱ ሓሊፉ፡ በደልን በዳልን ተቐሊዑ እዩ። ዋጋ ናይዚ ኹሉ ጃምላዊ ኣደራዕካ ሓንቲ ቓል እያ። "እምቢ!" ብሓደ ድምጺ። ዳኛ ንስኻ ተዳናዩ ንስኻ ኢኻ። እቲ ለውጢ ብኣኻ ንዓኻ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ከኣ ግዴኻ እዩ።

ዓወትን ራህዋን ንህዝቢ ኤርትራ

ኣሰና

13 ታሕሳስ 2008